# ወርሒ መስከረም

ኤርትራ፡ ብኣዋጅ ናብ መደበር ውልቀ-ምልኪ ዝተቐየረትሉ ሻድሻይ ዓመት ትመልኣሉ ኣብ ዘላ እዋን፡ ኣብ ዞባናን ዓለምን ፖለቲካዊ ምዕባለታት ብዘደንቕ ፍጥነት ይቀያየር ኣሎ። ነገራት ናብ ረብሓ ፍትሓውያን ተቓለስቲ ይዘዚ ከም ዘሎ ዝሕብር ደርዘን ኣመታት ድማ ኣሎ።

ኣብ ጕንበት 2007፡ ዕንደራዊ ኣካይዳ ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ዘስደሞም ሓለፍቲ ኤውሮጳዊ ሕብረት፡ ኮን-ዶኾን እንተተመሰለልና ብዝብል ሓሳብ ንኢሰያስ ከቀባጥርሉ ፈቲኖም። ኣምሳያ ናይቲ ቅብጥሮት ድማ ንኹሉ ደላይ ፍትሒ ዘስደመመ፡ ቅድመ-ኹነት ዝበሃል ዘይነበሮ ማእለያ ዘይብሉ ገንዘብ ብስም ረድኤት ክህብዎ ተሰማሚዖም። እዚ ኣብ ዘይእዋኑን ብዘይ ተወደነ ኣገባብን ዝመጸ ማእለያ ዘይብሉ ገንዘብ ኣብ ረብሓ ህዝቢ ክውዕል ከም ዘይኮነ ብሩህ ኢዩ ዝነበረ። ነቲ ጉዳይ ኣሻቓሊ ዝገብሮ ድማ ንሱ ኢዩ። ስርዓት ህግደፍ በዚ ፍናኑ ክብ ስለ ዝበለ ነዘን ዝሓለፋ ሒደት ኣዋርሕ ብጃህራን ደሮናን ከባቢ በኪሉ ጸኒሑ። ይኹን እምበር፡ ብሰር'ዚ ኣብ ወርሒ ሓምለን ነሓሰን 2007 ተጋሂዱ ዘሎ፡ ሕልና ስርዓት ህግደፍ ዘዕረበ፡ ብኣመሪካ ዝተዓብለለ ዞባውን ዓለማውን ፖለቲካዊ ምዕባለ፡ እቲ ኤውሮጳዊ ሕብረት ቃል ዝኣተወሉ ገንዘብ ክርከብ ድዩ ኣይክርከብን ኣዝዩ ኣጠራጣሪ ጌርዎ ኣሎ። ብርግጽ ድማ ኣጠራጣሪ ኢዩ። መንግስቲ ኣመሪካ ኣሰሚዕዎ ዘሎ መጠንቀቕታ እንተተግቢሩ፡ ማለት ስርዓት ህግደፍ ኣብ መዝገብ መወልቲ ግብረ-ሽበራውያን እንተኣትዩ፡ እቲ ገንዘብ ክረከብ ከም ዘይኮነ ብሩህ ኢዩ። ንፋስ ፖለቲካ ዓለም ንረብሓ መለኸቲ ስርዓታት ዘዕቊብ ውሑስ በዓቲ የብሉን። ካብ ፖለቲካ ዓለም ናይ ሓዋሩ መኸሰብ ሒዞም ዝወጹ ፍትሓውያንን ዲሞክራስያውያንን ባእታት ኢዮም። በብግዚኡ፡ ውልቀ-መለኸቲ ንፖለቲካ ዓለም ናብ ረብሐኦም ክቕይሩ ይህቅኑን ሓደ-ሓደ እዋን ድማ ይሰልጦምን'ኳ እንተኾነ፡ ዘላቒ ግን ኣይኮነን። ስርዓት ህግደፍ እምበኣር ከምኡ'ዩ ገጢምዎ ዘሎ። እዚ መንግስቲ ኣመሪካ ኣዊጅዎ ዘሎ መጠንቀቕታ ከቢድ መዘዝ ዘኸተል ጉዳይ ስለ ዝኾነ፡ መራሕቲ ህግደፍ ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ ብራዕዲ ተዋሒጦም ኣለዉ። ዕርበቶም ድማ ልዕሊ ዝኾነ ግዜ ኣብ ኣፍንጭኦም ተጸጊዓ ክትርኣዮም ጀሚራ ኣላ።

ኣብ መወዳእታ 2006፡ ኣብ ሶማል ዝተጋህደ ምትእታው ናይ ወጻኢ ሓይልታት (እንኮላይ ናይ ስርዓት ህግደፍ) ንፖለቲካ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዳይናሚካዊ ብዝኾነ ኣካይዳ ለዊጥዎ። ኣብቲ ዞባ ቀጻሊ ስትራተጅያዊ ረብሓ ዘለዋ ኣመሪካ፡ ምትእትታው ህግደፍ ኣብ ሶማል ፈጺሙ ኣይተዋሕጠላን። ኣብ ዝርዝር ከመይነት ናይቲ ጉዳይ ከይኣተና፡ እቲ ረጽሚ ናይ ረብሓታት ዝፈጠሮ ምትፍናን ግን ነታ ኣዝያ ዝደኸየትን ዝነኣሰትን ሃገርና ኤርትራ ክትወጾ ኣብ ዘይትኽእል ረግረግን ሰልምን ሸሚምዋ ይርከብ። ኣብ ልዕሊ ሕማም ርእሲስ ቃንዛ ኰርምቲ ዝብሃል ከምዚ ኢዩ። ህግደፍ፡ ኣቐዲሙ ኣብ ዳርፉር ዝተባህለ ዞባ ሱዳን ክገብሮ ዝጸንሐን ሕጂ ‘ውን ዝቕጽሎ ዘሎን ጠብሎቐሎቕ፡ ምስቲ ናይ ኢትዮጵያ ዘይተፈትሐ ጉዳይ ዶብን ናይ ክልቲኦን ሃገራት ምኹስኳስ ተቓወምቲ ውድባት ሕድሕድን ካልእ ረቛሕታትን ተደማሚሩ፡ ንስርዓት ህግደፍ ብሕብረተሰብ ዓለም ከም ሃዋኺ ስርዓት ኣፍሊጥዎ። ፈንጤጋርነት ስርዓት ህግደፍ፡ እቲ ዝሽፍአ ክሳርኡ ንህዝቢ ኤርትራ ኣውሪድሉ ዘሎ ኣደራዕን ገዲፍሉ ዝኸይድ ዘሎ ሰፍ ዘይብል ዕዳን ኢዩ። ቅጫ እንተሃብካዮ ሃንዛ፡ ጸባ እንተሃብካዮ ድማ ብራሕ ከም ዝብል ሕንቁቕን ነቓጽን ቆልዓ፡ ስርዓት ህግደፍ ዘይእዱብ ዲፕሎማስያዊ ጸወታታቱን ስድነታዊ ጠባያት መራሕቱን ንዓለም ኣስደሚምዋ ኣሎ።

ኤርትራ፡ ካብ ኩለን ሃገራት ኣፍሪቃ (ካብ ዓለም ‘ውን ክብሃል ይክኣል’ዩ) እታ እንኮ ትግቡር ቅዋም ዘይብላ ሃገር፡ ነጻ ፕረስ ዝብሃል ዘይትፈልጥ፡ ፓርላማ ዝብሃል ዘይብላ፡ ንዝነበረ ስማዊ ፓርማላ ‘ውን ብሓደ “ስሉሳዊ ጥሙር ኣካል” ከም ዝተክአቶ ብወግዒ ዘይትገልጽ ሃገር፡ ነጻ ምርጫ ዝብሃል ኣካይዳ ዘይትፈልጥ፣ ብደረጃ ቁጠባዊ ምዕባለ ጭራን ደጋፊት ጭራን፣ ብደረጃ ሓበንን ሃገራዊ ክብርን መንእሰያ ወግሐ-ጸብሐ ዝኸፈለ ከፊሉ (እንከኮላይ ሂወቱ)፡ ሃጽ ኢሉ ዝሃድመላ፣ ወዘተ … መስደመም ሃገር ኢያ ተቐይራ ዘላ። ብኻልእ መምዘንታት ከርእ እንከሎ ‘ውን ለበዳ ሕማም ኤይድስን ካልእ ማሕበራዊ ጸገማትን ካብ ዝብግኦ ንላዕሊ ክንህር ዝጀመረላ፡ እንተ ድኽነትን ሕሱም ስእንትን’ሞ ብወግዒ ንግስነት ዝኣወጀላ መስኪነይትን ከብድኻ እትበልዕን ሃገር’ያ ተቐይራ ዘላ። ምስዚ ኸሉ ሃገራዊ

ኣበሳታት፡ ስርዓት ህግደፍ ምስ ኣመሪካ ትኣክል ሓያል ሃገር ተባኢሱ ከብቕዕ ነቲ መቕጻዕቲ ንህዝቢ ኤርትራ ባዕለኻ ተደሃኮ ይብሎ ኣሎ።

ስርዓት ህግደፍ ስለ ዘይሰለጠ ድኣ እምበር፡ ቅድሚ ዝኾነ ካልእ ስርዓት ንመንግስቲ ኣመሪካ ከገልግል ዘየካየዶ ፖለቲካዊ ቀመጽመጽ፣ ሎቕመጽመጽን ቁጽይጽይን ኣይነበረን። ካልእስ ይትረፍ፡ ኣብ 2003 ዓ.ም. ኣመሪካ ንዒራቕ ብቓልዕ ኣብ ዝወረረትሉ እዋን፡ ቅድሚ ኹሎም ስርዓታት ርእሱ ኣወጢሙ "ሕራይ ገበርኩም!" ዝበለ ስርዓት፡ እዚ ስርዓት'ዚ ኢዩ። ዕዳጋ ከም ዝጸንሓካ ደኣ እምበር፡ ኣዴኻ ከም ዝለኣኸትካ ስለ ዘይኮነ ግን ኩሉ ሰብ ብዝፈልጦ ምኽንያት ህግደፍ ማይ ሓቕኑ ተሪፉ። ስለምንታይ እንተተባሂሉ፡ ከምቲ ንሳቶም ዝብልዎ ኣመሪካ ዝወጸላ ጸላኢት ኤርትራ ስለ ዝኾነት ኣይኮነን። ኣመሪካስ ዝጽላኣ ሃገራት መሊኣን ኣለዋ። ናይ ታሪኽ ንታሪኽ ገዲፍና፡ ኣብዚ ዘለናዮ መዋእል እንተተዓዚብና፡ ኣደብ ጌሩ ንዝነብር፣ ሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰል ህዝቡ ንዘኽብር ስርዓት፣ ኣመሪካ ዓይንኻ ትደፈን ክትብል ኣይረኣናን። ህግደፍ ግን ኣካይዳ ስለ ዘይከኣልሉ፡ ኩሉ ነገራት ፋሕ ኢልዎም። ብቐሊሉ ክኸስብ ዝኽእል ዝነበረ ዲፕሎማስያዊ ዓወታት'ኳ ክዕቅቡ ኣይክኣሉን። እቲ ጉዳይ ከምኡ ከም ዝኾነ ምስ ተነግሩ፡ ብሕሉፍ ድርቕና "ኣይፋሉን" ኢሎም። ይብሉ ድማ ኣለዉ። እዚ ቅድም ኢሉ ዝጀመረ ዕብዳን ኢዩ። ሕጂ ድማ ናብ ምድርባይ እምኒ ተቐይሩ ንርእዮ ኣለና። እቲ ጸገም፡ ከም ዝዓበዱ ተኣሚኖም ናብ መዕቆብ ሕሙማን ክኣተዉ ድልዋት ዘይምዃኖም ኢዩ።

እቲ ካልእ ዘገርም ዓለማዊ ፖለቲካዊ ምዕባለ፡ ንጉዳይ ምኽባር ሰብኣዊ መሰላትን ኣህጉራዊ ገበናዊ ሕግን (international criminal law) ዝምልከት ኢዩ። ከም መራሕቲ ህግደፍ ዝኣመሰሉ ብጭቡጥ ኣስካሕካሕቲ ገነበናት (crimes against humanity) ዝፈጸሙ መራሕቲ ብውልቂ ደረጃ፡ ብኣህጉራዊ ገበናዊ ሕጊ ክሕተትሉ ዝኽእሉ ዕድላት ካብ ዝኾነ ግዜ ንላዕሊ እንዳረሓበ'ዩ ዝኸይድ ዘሎ። እቶም ቀንዲ በዚ ጉዳይ'ዚ ክኸሰሱ ዝኽእሉ መራሕቲ ኣስማቶም ኣብቲ ብግሎባዊ ሓድነት ኤርትራውያን ኣንጻር ምልኪ (Eritrean Global Solidarity against Tyranny) [ዝተዳለወ ሰነድ] ተዘርዚሮም ዘለውን ካልኦትን ዘጠቓለለ ክኸውን ይኽእል። እቲ ተኽእሎታት ብኽልተ መልክዕ ዝርአ ኮይኑ፡ መራሕቲ ህግደፍ ኣብ ስልጣን

እንከለው ወይ ‘ውን ካብ ስልጣን ምስ ተገለፉ በብቲ ዝጥዕም መገዲ ክትግበር ዝኽእል ክልተ ቀንዲ ተኽእሎታት ኣሎ። ሓደ ካብኡ ብመገዲ’ቲ ኣብ ዘ ሄግ ዝመደበሩ ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ገበን (International Criminal Court) ክትግበር ዝኽእል ኢዩ። ምስዚ ዘሎ ዞባውን ዓለማውን ምዕባለታት ኣዛሚድካ ክርአ እንከሎ እቲ ተኽእሎ እንዳረሓበ ኢዩ ዝኸይድ ዘሎ። ሎሚ ከም ቀደም ኣይኮነን። ኣስካሕካሕቲ ገበናት ዝፈጸሙ መራሕቲ፡ ከም ቀደም ብሻላ-ማላ ክትርእዮም ከም ዘይኮነት ዓለም ብወግዒ ኣረጋጊጻ’ያ። ነዚ ብዘየማትእ መገዲ ናይ ቀረባ ዓመታት ተሞክሮ ኣህጉራዊ ገበናዊ ሕጊ ኣረጋጊጽዎ ኣሎ። ናይ ኣጉስቶ ፒኖቸ፣ ቻርለስ ተይለር፣ ሑሴን ሀብረን ካልኦትን ጥራይ ዘይኮነ፡ ውዑይ ተሞክሮ ሱዳንን ኡጋንዳን ኮንጎን ‘ውን እቲ ዝበጸለ ኣብነት ኢዩ።

ተደጋጊሙ ከም ዝተገልጸ፡ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ኣረሜናዊ ስርዓት ኣብ ልዕሊ ኣሽሓት ዜጋታት ብኣህጉራዊ ገበናዊ ሕጊ ዝተኹነነ ኣስካሕካሕቲ ገበናት ፈጺሙ ኢዩ። ነዚ ዘረጋግጹ መርትዖታትን መሰኻኽርን ሎሚ ፈቖዱኡ ኣለዉ። ብጽፉፍ ኣወዳድባን ስራሕን ከመይ ጌርካ ነቲ መርትዖታትን ቃል-ምስክርነትን ትእክቦ፡ ኣኪብካ ድማ ኣብ መዓላ ተውዕሎ ኢዩ እቲ ጉዳይ። ዞባውን ዓለማውን ምዕባለታት ድማ ንረብሓ እዚ መደብ’ዚ ኢዩ ዘደንፍዕ ዘሎ። ስርዓት ህግደፍ፡ ኣብ ሶማልን ዳርፉርን ዝገበሮን ዝገብሮ ዘሎን ጠብሎቕሎቕ፡ ንሱ ዘኸተሎ ሰብኣዊ ቅዝፈትን ዕንወትን ንማሕበረሰብ ዓለም መዓንጣ ከብዱ ኣሕሪርዎ ኢዩ። እዚ ንባዕሉ ብኣህጉራዊ ገበናዊ ሕጊ ዝተኾነነ ጽዩፍ ተግባራት ኢዩ። ነዚ ዘረጋግጽ መርትዖታት ድማ ብኽፈር ኣሎ። ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ዝተዘርገሐ ጸብጻብ ክኢላታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ጥራይ’ኳ ኣብ ቅድሚ መጋባኣያታት ዓለም ዝለዓለ ተቐባልነት ዘለዎ ሰነዳት ኢዩ። ብመንግስቲ ኣመሪካ ክውሰድ ተኣሚሙ ዘሎ፡ ንህግደፍ ኣብ መዝገብ መወልቲ ግብረ-ሽበራውያን ንምስኳዕ ዝዓለመ መደብ ‘ውን ንገዛእ ርእሱ፡ ብመስርሕ ኣህጉራዊ ሕጊ ገበን ንዝግበር ተጸባጻብነት መሊሱ የቀላጥፎ ኣሎ። እዝን ወዲ ኸምዝን ኢዩ እምበኣር ንህግደፍ ራዕዲ ፈጢሩ ዝሕዝዎን ዝጭብጥዎን ኣስኢንዎም ዘሎ። ዕምሪ ህግደፍ ብዘይ ጥርጥር ኣብ ምብቅዑ’ዩ።

ስርዓት ህግደፍ “ዓረብኩ፡ ዓረብኩ” ኣብ ዝብለሉ ተካል እዋን ኢዩ በጺሑ ዘሎ። ዕርበቱ ዘይተርፍ ናይ ታሪኽ መስርሕ ስለ ዝኾነ ክገሃድ ግድን ኢዩ። ቃልስና ድማ ቃልሲ ውጽዓት ስለ ዝኾነ ክዕወት ኢዩ። ኣብ ታሪኽ፡ ኩሉ ግዜ ኣብ ዝለዓለ ጽፍሒ ዝቕመጣ ፍትሕን ሓቅን ኢየን። ነዚአን ተቐኒትና ንጎዓዝ ስለ ዘለና ዓመጸኛ ክሰዓር ምዃኑ ብምሉእ ምትእምማን ንዛረብ። ካብዚ ንላዕሊ ርግጸኛ ኰይናሉ ዘለና ጉዳይ ግን ዕምሪ ህግደፍ ኣብቲ ናይ መወዳእታ ደረጅኡ በጺሑ ከም ዘሎ ኢዩ። እዚ ሓቂ'ዚ ኣብ ቦትኡ ኮይኑ፡ ዘለናዮ እዋን ተኣፋፊ ምዃኑ 'ውን ምዝንጋዕ ኣየድልን። ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ ንቕሓት ዝሓትት መድረኽ በጺሕና ኣለና። መጋበርያታት ምልኪ ቅርጽን ሕብርን እንዳቐያየሩ ንውደቀት ህግደፍ ከናውሑ ህርዲግ ክብሉ ንዕዘብ ኣለና። ከምስሉ ድማ ዘረባታት ከምሉቑ ጀሚሮም ኣለዉ። “ሓቅኹም'ኳ ኢኹም፡ ግንሲ ኣብቲ ኣተሓሕዛ ከምዚ ጌርኩም እንተትሕዝዎ ምጸበቐ” ዘስምዕ ሓልዮታዊ ዝመስል ግን ከዛ መርዛም ኣቀራርባ ተኸቲሎም፡ ፈቖዶ መርበባት ሓበሬታ ቦሎኽ-ቦሎኽ ክብሉ ጀሚሮም ኣለዉ። ገሊኣቶም ድማ ኣኣብ ዝቐመጥሉ ሃገራት ብዝረኸብዎ ሓሳብካ ናይ ምግላጽ መሰል ተጠቒሞም ከደናግሩና ይፍትኑ ኣለዉ። ነዚኦም ብጥንቃቐ ክነስተውዕሎም ይግብኣና። ሚዛን ኣብ ዘይተሓለዉ እዋን ንሳቶም ውርጹጻት ሓለውቲ ሚዛን መሲሎም ክቐርቡ ይፍትኑ ኣለዉ። መስርሕ ቃልሲ ብኸምዚኦም ዓይነት ባእታታት ክጎናደብ ዘይኽእል ባህርያውን ታሪኻውን መስርሕ'ኳ እንተኾነ፡ “ተገጢሞምን ተፈሊጦምን” ከም ዘለዉ ግን ክንገሮም ኣለዎ። ምልኪ፡ ምልኪ'ዩ። ብዝኾነ መልክዕ ከተማኻንየሉን ከተጸባብቖን ምፍታን ካብቲ ምልካዊ ስርዓት ዝፍጽሞ ዘሎ ቃልዕ ገበናት ዝኸፍአ ሰራም ፍሕሶ ኢዩ። እዚ ግን ብንቕሓት ክምከት ስለ ዝኽእል ንቕሓት ጥራይ'ዩ ፈውሱ። ካልእ ዘድሊ ነገር 'ውን የለን።

ከምቲ ገለ ንፉዓት ጸሓፍቲ ዝበልዎ፡ ገለ ግሩሃት ዜጋታት “ካብ ናይ ናጽነት ህርፋን ዝተበገሰ ግን ከኣ ዕሙቕ ዝበለ ሃገርን ህዝብን ዝብል ምዕቡልን ዘመናዊ ፍልጠትን ዘይወነነ ቁንጹብ ኢፎርያ ወይ ገነታዊ ሕልሚ” ኣስኪርዎም ነቲ መስካሪ ዘየድልዮ ግሉጽ ሓቅታት ይኸሕድዎ ኣለዉ። ነዚኣቶም 'ውን ብሜላን ጥበብን ክንከስቦም ከድለየና ኢዩ። ብዙሕ ጻዕሪ ዘድልዮም ግን ኣይኮኑን።

እምበኣርከስ ከምቲ ኣብ መእተዊ ዝተገልጸ፡ ኤርትራ ሃገርና ናብ መደበር ውልቀ-ምልካዊ ስርዓት ዝተቐየረትሉ ሻድሻይ ዓመት ብሓዘንን ትካዜን ኣብ እንዝክረሉ ዘለና እዋን፡ መብጽዓ ናይቶም ፍትሓዊ ቃልሲ ጀሚሮም ብዘይተጸበይዎ ኣካይዳ ግዳይ ኮይኖም ዝተረፉ፡ ከምኡ ‘ውን ቅድሚኦምን ድሒሮምን ፍትሒ ተጓዕጺጽዎም ብዝተፈላለየ ኣገባብ ዝተበደሉ፡ ኮታ ብስም ኩሉ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብዚ ታሪኻዊ መድረኽ’ዚ ደጊምና ደጋጊምና መብጽዓና ከነሐድስ ይግባኣና። ዘለናዮ እዋን ምስ ኩሉ ብድሆታቱ፡ ውድቀት ምልካዊ ስርዓት ዘተንብህ ጭቡጥን ሓባርን ምልክታት የርእየና ኣሎ። “ኣጋ ወጋሕታ ድቕድቕ’ዩ ጸልማት” ከም ዝተባህለ ግን፡ ኣብዚ እዋን’ዚ ፍሉይ ኒሕን ሓቦን ጽንዓትን ተወፋይነትን ከድሊ ከም ዝኾነ ኩላቶም ፍትሓውያን ተቓለስቲ ክግንዘብዎ ይግባእ።

**ሕላትና ፍትሒ፣ ዕጥቅና ንቕሓት፣ ዓስብና ክብሪ!**

**ኤ.ም.ዲ.ሰ.መ**

**ደቡብ ኣፍሪቃ**